# ካብ በርሚልስ ሰብ 'ንተዝዕጠን

ኣንቶንዮ ተስፋይ

30 ታሕሳስ 2016

ካብ በርሚልስ ሰብ
'ንተዝዕጠን
ምተረኸበ'ዶ መኽሰብ
ብመጠን፡

ክሕይል ክተርር
ክውደብ ክስራዕ
ክዕወት ክስዕር
ከሳልጥ ከድምዕ፡

ዘበን ሓሲሙ ከፊኡ
ሓላፍነት ምርሓቕ
ነገር ከ'ኽትመልካኡ ብኡ
ኣየጕሂ ኣይሰሓቕ፡

እምበር ግዜ ደኣ፡ ግዜ ቀደም
ጸመር ከይኸውን
ባዕልና ጸግም
ንቃለስ ንክብሪ መሰልን፡

ቅንዕና ግሉጽነት ልዕሊ ኩሉ
ንዮ ንበሎ ንጐራሕ
ንረብሓን 'ንደኣሉ
ኣብ ዕላማ ስራሕ

ኽንዕወት'ና !